# መልእኽቲ ሃማደኤ

***ብኣጋጣሚ ታሪኻዊ ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ምምስራት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዓቢኡ፡ ንደቀንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ ዮሃና! ምባል እዋኑ’ዩ። ከመይሲ፡ ዝኽሪ ሓበንን መዳርግቲ ዘይርከቦ ጉዕዞ ተበጃዋነትን፡ፍቕሪ ህዝብን ስለዝኾነ። እዚ ብሃረርታ ናጽነት ተደፊኡ፡ ዝተገብረ ፓለቲካዊ ምውድዳብ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ወጻኢ፡ ከም ሕጡብ ሓደ ህንጻ ዝምሰል፡ ንሃማደኤ ካብ ዘዕኮኽ ውዳበታት ብምዃኑ፡ ሃማደኤ ብኣንክሮ ካብ ዝዝክሮም ዓበይቲ ፍጻሜታት ሓደ እዩ።***

***እዚ ዝኽሪ’ዚ፡ ብሰንኪ መግዛእቲን ቁጠባዊ ጸገማትን ካብ ሃገረን ወጺአን ኣብ ስደት ዝነብራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኩሉ ገዲፈን ክሳብ ንሜዳ ብምእታው ሞባእ ሓርነት ብምዃን ዝተጻወትኦ ተራ፡ ምዕቃብ ልኡላውነት ምስ ኣርከበ’ውን፡ ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ብምባል ገለ ንዛሕልን ውርጭን፡ ገለ ድማ ህሮርማ ጽሓይን ካልእ ሕሰም ናብራን ስደት ሰጊረን፡ ልኡኻት ፍትሓዊ ጉዳይና ብምዃን ሞራላውን ፊናንስያውን ደገፍ ብምብርካት፡ ኣካል ናይቲ ዘሐብን ታሪኽ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብምዃን፡ ንዝፈጸምኦ ቅያ ጽንዓት ንምጉላሕን ንምኹላዕን ዝካየድ ዘሎ ብምኻኑ፡ ከም ሓደ ዕዙዝን ኣገዳስን ኣጋጣሚ፡ ጽዋ ጽንዓት ክንገረሉ ግቡእ እዩ። ከመይ’ሲ፡ እዚ ነዊሕ ጉዕዞ ጽንዓት ንናጽነትን ክኒኡን፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ዞባታት ወጻኢ ካብ ዝኾስኮስኦ ክብርታት ገድልን ሕጅን እቲ ኣገዳሲ ብምዃኑ።***

ኣብዚ ዕዙዝን ኣገዳሲን ኣጋጣሚ'ዚ እምበኣር፡ ነዚ ኣብነቱ ብዙሕ፡ ደረጅኡ ዓቢ ንምኳን፡ ዝበቕዐ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ሓያለን ብሰፊሑ ክንገረሉን ዝግባእ ታሪኽ እኳ እንተሎዎ፡ ንምዝኽኻር ዝኣክል ጥራይ፡ ሃማደኤ ኣብ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣተኩሩ መልእኽቲ ኣድናቖቱ ከሕልፍ'ዩ።

ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ገድሊ ሓርነት ብዘይተሳትፎ መላእ ህዝቢ ክዕወት ኣይክእልን እዩ፡ ዝብል ጽኑዕ እምነት ስለዝፈጠረ፡ "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ!" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ንምንቃሕ፡ ንምውዳብን ንምዕጣቕን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስራሕ ምስ ጀመረ፡ ማዕረ ማዕሪኡ "ብዘይ ሱታፌ ደቀንስትዮ ዝዕወት ሰውራ የለን" ብዝብል መትከል፡ ሱታፌ ደቀንስትዮ ኣብ ሰውራ ንምትብባዕ'ዩ ኣበርቲዑ ተንቀሳቒሱ። ሰውራ ንምትብባዕ'ዩ ኣበርቲዑ ተንቀሳቒሱ። እተን ልዑል ሃንቀውታ ሃገራዊ ናጽነትን ናይ ቃልሲ ወኒን ዝነበረን ደቀንስትዮ ኤርትራ ድማ፡ ንጻዊዕት ህ.ሓ. ሓንጎፋይ ኢለን ብምቕባል፡ ብግብራዊ ሱታፌ ሰውራአን ንምድልዳል ተላዒለን።

ከም ኣካል ናይዚ ውሽጣዊ ናህሪ፡ እቲ ብሰንኪ ኲናትን ግፍዕታትን መግዛእቲ ናብ ስደት ዘምርሐ ህዝቢ፡ ተወዲቡ ሰውራ ንምሕያል ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ እዋን፡ ሽዑ'ውን፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብቲ ሃገራዊ ውዳበታት ቀንዲ ሓይሊ ኮይነን ይነጥፋ ምንባረን ድማ ይፍለጥ። እቲ ዳሕራይ ንሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ዘቘመ ምውድዳብ እምበኣር፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ብመንገዲ ክፍሊ ህዝቢ ብዋህዮ-ጉጅለ-ዓዲ ዝውደብ ዝነበረ ጥርናፈታት፡ ኣብ ወጻኢ ድማ፡ በብሃገሩ ዝውሰድ ዝነበረ ናይ ምውድዳብ ተበግሶታት እዩ። ካብዚ እቲ ኣብ ዓመተ 1977 ኣብ ሃገር ሕቡራት ኣሜርካ፡ ኣብ 1978፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ከምእዉን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ንዝነበራ ደቀንስትዮ ዝጥርንፍ ማሕበር ካብ ዝቖውም ድማ፡ እንሆ 35 ዓመታት ኣቑጺሩ ይርከብ።

35 ዓመታት ጽንዓትን መኸተን፡ ሓቦን ሓኾተን። እዚ ሳሕቲን ኣብ ውሑዳትን፡ ዝተዓደላ ሃገራት ከም ኤርትራን፡ ዝርአ ጸጋ እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ ብኣካል ካብ ሃገሩ ዝራሓቐ፡ ብልቢ’ውን ይገልል’ዩ፡ ኣብ ዝበሃለሉ፡ ሰብ ብመንፈሱን ትርግታ ልቡን ምሳኻ ክህሉ ድንቂ ተርእዮ እዩ። ኣብዚ ሰባት ካብ ስድራቤቶምን ዝዓበይሉ ከባብን፡ ብዓቢኡ ድማ ሃገሮም ገዲፎም ምስዳድ፡ ንቡር ዝኾነሉ እዋን፡ በቲ መስርሕ ተገዲድካ፡ መበቆላውነትካ ረሲዕካ፡ ኣብ ዘለኻሉ ውሁብ ኩነት ምጥሓል፡ ልሙድን ዘይስገርን ተርእዮ ዝኾነሉ ግዜ፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝሃለዋ ቦታን ኩነትን ሃልየን ናብ ሃገረን ዝጠመተ ኣእምሮ ክህልወን ክንዮ ትዕድልቲ እንታይ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ዝዓበየ ዘሐብን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት፡ ብዘይ ሱታፌን ኣበርክቶን ደቀንስትዮ ምሉእ ኣምበይ’ምኼነን ምባል ጥራይ ንባዕሉ ኣኻሊ ምኾነ። ምኽንያቱ ናብ ክኒኡ ዝኸይድ ዝርዝር ምእታው፡ ብቕያ ካብ ዝተሰገደ ታሪኽ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ታሪኽ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ዞባታት ወጻኢ ድማ ብፍላይ፡ ኣየናይ ነጊረ ኣየናይ ክገድፍ ዘብል ስለዝኾነ። ታሪኽ ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ከም እኩብ ይኹን ከም ውልቂ፡ ገና ዘይተገልጸ ሃብቲ ናይ ሃገር እዩ። ብኣጠቓላሊ ድማ ንሕጂ ይኹን ንመጻኢ መልክዕን ጉዕዞን ታሪኽ ሃገርና ኣብ ምቕራጽን ምቕያስን ፍሉይ ተራ ዝህሉዎ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓይሊ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

ሓይልን ኣድማዕነትን ውዳበን ንቕሓትን፡ ካብ ታሪኽ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንላዕሊ ዝምስክሮ የለን። ነዚ መሰረት ዝገበረ ቃልሲ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ወጻኢ፡ ከም ኣካል ናይቲ ዘየቛርጽ ቃልሲ ትማልን ሎምን፡ ዘለዎ ኣበርክቶ ድማ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሓይሊ ውዳበን ሓሳባትን ዝቖመን ብብድሆን መኸተን ዝተሳሕለን እዩ ኢልና ክንምስክር እንኽእል።

ብካልእ ሸነኽ፡ ሃማደኤ ወጻኢ ወፈያታት ኣብ ምብርካት፡ መሪሕን መዳርግቲ ዘይርከቦን ግደ እዩ ነይሩወን። ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቃልስና ካብ ዝቀጸለ ኣብ ቀዝሕን በረድን፡ ኣብ ህሮርማ ጸሓይ ታኒካ

ብምዝርጋሕ ዝተዋጽአ ገንዘብ ጽንዓት፡ ኣብ ትሕቲ ሃገረይ ስልማተይ፡ ዝውፈ ዝነበረ ኣዝዩ ብዙሕ ስልማት ወርቂ ይኹን ገንዘብ፡ ኣብ መወዳእታ 70ታት፡ ኣባላት ሃማደኤ ወጻኢ ብዝወሰድኦ ተበግሶ ማዕረ ምሉእ ደሞዘንን ካብ 15-20% ካብ ወርሓዊ ደሞዘን የበርክታሉ ዝነበራ ኣጋጣሚ፡ ዝዝከር፡ ጉሉሕ ዘይሃስስ ዛንታ እዩ። እቲ ሽዑ ንሰን ዝወሰድኦ ተበግሶ ከም ሓደ መራሒ ሓሳብ ኮይኑ ብዙሕ ካልእ ተበግሶታት ወሊዱ'ዩ። ኩሉ'ዚ ዝተጠቐሰን ካልእ ብዙሕ ዘይተጠቐሰን ውፉይን ኣብነታዊን ተራ ደቀንስትዮ ምስቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ዝኽፈል ዝነበረ መስዋእቲ ተደሚሩ ተኣምራት እዩ ፈጢሩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ'ዚ ድማ እዩ እቲ ዓቢ ምስግጋር እንብሎ ብዓይነቱ ፍሉይ ማሕበራዊ ለውጢ ክምዝገብ ዝኽኣለ። እቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝማዕበለ መርሓ ሓሳባትን እምነትን እምበኣር ንቃልሲ ህዝቢ ብሓፈሻ ንቃልሲ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ዓቢ ድርኺት ፈጢርሉ እዩ።

ሕጂ እውን ነዚ ኣዝዩ ፍቱን ስትራቴጅያዊ መርሓ እናተኽልካ ጥራይ ኢኻ፡ ቀጻሊ ዕቤትን ናህርን ናይቲ ድሮ ተጨቢጡ ዘሎ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ዓቢ ማሕበራዊ ምስግጋር ምርግጋጽ ዝከኣል። ክንዲ ዝኾነ፡ እዘን ብቁጽሪ ውሑዳት፡ ብቁምነገር ግን ብርኩታት፡ ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዝቐመጣ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ፡ ነቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ዘመስከረኦ ሓቂ፡ ሎሚውን ኣብ ምውሓስ ሉኡላውነትን ኣብ ህንጸትን ሃገር፡ ዘይጽንቀቕ ንያተንን ሓቦአንን ብዘንጸባርቕ መልክዑ ይደግምኦ ኣለዋ። ንኩሉ በዳሂ መድረኻት እናሰገራ፡ ክብደት ናብራአን ተጻዊረን፡ ከም መቐጸልታ ፍቕሪ ሃገረን ዝኾስኮሶ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስን፡ ሃማደኤ ኣብ ወጻኢ ደቂ ስውኣት ኣብ ምንባይ፡ ስድራ ስውኣት ኣብ ምጥያስ፡ ዳግም ሃገረይ ስልማተይ ብምባል ዝተገብረ ኣበርክቶ፡ ማእከላት ስልጠና ንደቂ ኣንስትዮ ብምትካል፡ ንልኣላውነት ሃገረን ኣብ ዝቃናዕ ኣኼባታትን ሰልፍታትን ህዝባዊ መኸተ ኣብ ምምራሕን ምድማቕን፡ ኣብ ምምዕራግ ውራያት ኤርትራዊ ፈስቲቫል፡ ኣብ ቅድሚት ብምስራዕ፡ ዝዓመመኦ ዕዮ፡ ገለ ካብኡ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ 35 ዓመት ጉዕዞ መኸተን ጽንዓትን፡ ጉዕዞ ደረት ኣልቦ ሓቦን ተወፋይነትን፡ ብድምሩ ንሃማደኤ ከም ውድብ ዘሐበነ፡ ንኤርትራውያን ደቀንስትዮ ድማ ሞሳ ዘንበረ፡

መዳርግቲ ዘይርከቦ ስራሕ ዓሚመን ኣለዋ። እቲ ቁም ነገር ዓቢ፡ እቲ ዝርዝር ነዊሕ ስለዝኾነ፡ ሃማደኤ፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ወጻኢ፡ ኣካል ናይ ከምዚ ዝበለ ዘኹርዕ ታሪኽ ብምዃነን ንባዕሉ፡ ናይ ሕልና ሓበን ዘሕድር፡ ብርቂ ምዕራፍ ሂወተን እዩ፡ ዝብል ዓሙቕ እምነት ከምዘለዎ፡ በዚ ናይ ዝኸሪ ኣጋጣሚ ክነግር ከም ግቡእ ይወስዶ። ውዳበ ደቂኣንስትዮ ኣብ ወጻኢ ካብ ሓፈሻዊ ኣወዳድባ ንላዕሊ ከይዱ፡ እቲ ኣብነትን ብጉሉሑ፡ እቲ ዝኸርን ብድሙቑ፡ ውፉያት መንእሰያት ዝነጥፋሉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ምትእሳስር ዘለዎ ጭቡጥ መደባት ክስእል እዋኑ እዩ።

እቲ ግዜ ንባዕሉ፡ በቲ ሓደ ኢድካ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃታት ጽቡቕ ጌርካ ምጭባጥ፡ በቲ ካልእ ድማ ምስ ምዕባለ ምስጓምን ምግስጋስን ይሓትት ስለዘሎ። ክንዲዝኾነ፡ እዚ ዘይንዓቕ ተመኩሮ'ዚ፡ ምዕሩይ ዕድላት ንመላእ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ንደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ተካእቲ መንእሰያት ፈሊመንኦ ንዘለዋ ጉዕዞ፡ ብኹሉ መዳያት ብምድራዕን ብምሕያልን፡ ርሁው መጻኢ ኣብ ምውሓስ እጃሙ ከበርክት ኣለዎ። እተን ቀዳሞት ኣባላት ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኣብ ወጻኢ ከመይ ጌረን ተወዲበን? እንታይ ይስርሓ ነይረን? ኢልና ምስ እንሓትት ጥራይ ንባዕሉ እቲ ታሪኽ ረዚን እቲ ተመኩሮ መወዳእታ የብሉን።

እዚ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ ንባዕሉ ዓቢ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ዛጊት ክቡር እጃመን ንዘበርከታ፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ዞባ ወጻኢ፡ በዚ ኣጋጣሚ ዝኸሪ 35 ዓመታት ብዙሕ ምስጋናን ክብርን ዝግብኦን እዩ እንብል።

ኣብ መደምደምታ፡ ከምዘይተርፍ መስርሕ ዝርኦን፡ እታ ሽግ ሓርነትን ማዕርነትን፡ ካብ ቀዳሞት ወለዶ ናብ ዝስዕብ ወለዶ ናይ ምስግጋር መስርሕ እዩ። ናብቲ ዝቕጽል ክንከይድ ብዙሕ ጻዕርታት ይሓትት'ዃ እንተኾነ፡ እቲ መርሓታት ድሮ ተታሒዙ ስለዝኾነ፡ ክንድ'ቲ ዝሓለፍናዮ ከቢድ ኣይክኸውንን እዩ። ስለዚ ሓደስቲ ወለዶ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ፡ እተን ቀዳሞት ተጋደልትን ኣባላት

ሃማደኤን ዘበገስኦ ተመኩሮ ቃልሲ ብምውራስ፡ ጉዕዞ ጽንዓት ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ሕድረን ከጽንዓ መድረኽ ይጽውዕ ኣሎ። ከመይሲ መንኮርኮር ምዕባለን ናይ ለውጢ ሃዋርያን ኩሉ ሳዕ መንእሰይ ኮይኑ እቲ ረብሓን መኸሰብን ድማ ብቐንዱ ንዕኡ ዘገልግል ብምዃኑ።

ሃማደኤ፡ ብሓበን ደጊሙ እንቋዕ ናብዚ ሓርበኛዊ ዝኽሪ ኣብቃዓና ትብል።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ!!!
ሃማደኤ 2014